ናይ ማኒቶባ ዞባዊ ባጂላ

## ሓበሬታ

# ንስድራቤታት

1ይ ክሳብ 8ይ ክፍላታት



Manitoba

*ናይ ማኒቶባ ትምህርቲ*

*ኩለን ናይ ኣብያተ ትምህርቲ*

*ክፋላት ኣብ ዓመተ-ትምህርቲ*

*2013/2014 ናይ ግድን*

*ክጥቀማሉ ክጅምራ ዞባዊ*

*ባጀላ ኣተኣታትዩ ኣሎ፡፡*

# ሓፈሻዊ

## ስለምንታይ'ዩ ሓድሽ ባጀላ ዘድሊ ዘሎ?

መንግስቲ ማኒቶባ ኣብ ውሽጢ ማኒቶባ ዘሎ ጽፈት ትምህርቲ ንምምዕባልን ኣብ ሞንጎ ተመሃሮን፣

መምሃራንን ወለድን ድልዱል ዝምድናታት ንምህናጽን ሓድሽ ባጀላ ኣተኣታትዩ እዩ፡፡ ኣብ ዝሓለፈ ግዜ፣ ባጀላታት ኣብ ነፍሲ ወከፍ ክፋል ኣብያተ ትምህርቲ ከምኡ'ውን፣ ኣብ ዝተወሰኑ ኣጋጣሚታት፣ ኣብ ውሽጢ ሐደ ዓይነት ክፋል ዝርከባ ኣብያተ ትምህርቲ ዝተፈላለዩ እዮም ኔሮም፡፡ እዚ ሓድሽ ዞባዊ ባጀላ ስድራቤታት ደቆም ማዕረ ክንደይ ብጽቡቕ ይመሃሩ ኣለዉ፣ መስርሕ ምምሃር ንኽምዕብል ኣየኖት ስጉምትታት እዮም ዝሕግዙ ብዛዕባ ዝብል ጉዳይ ዘይቀያየር፣ ንጹርሐበሬታ ምርካቦም ንምርግጋጽ ዝሕግዝ እዩ፡፡

## እቲ ባጀላ ንምርድኡ ቀሊል ክኸውን ድዩ?

እቲ ባጀላ ብቐሊል ቋንቋ ዝተጻሕፈ'ዩ፡፡  ብዛዕባ ናይ ውላድኩም ተሪር ጎኒ ከምኡውን ውላድኩም ኣብምንታይ እዩ ሐገዝ ዝደሊ ይነግረኩም፡፡ ብዛዕባ እዚ ባጀላ ሕቶታት እንተልዩኩም፣ ንናይ ውላድኩም መምህር ከተዘራርቡ ትኽእሉ፡፡

## እቲ ዞባዊ ባጀላ ንኹሎም ደረጃታት ክፍሊ ሐደ ዓይነት  ድዩ?

ሰለስተ ዓይነት ናይ ባጀላ ቅርጽታት ኣለዉ፡፡ ሐደ ካብ 1ይ ክሳብ 6ይ ክፍሊ፣ እቲ ሐደ ድማ ን7ይን 8ይን ክፍልታት ከምኡድማ እቲ ሐደ ካብ 9ይ ክሳብ 12 ክፍሊ እዩ፡፡

## ኣብቲ ባጀላ ናይ መምህር ርእይቶታት ክህልዎ ድዩ?

እወ፡፡ መምሃራን ብዛዕባ ደቅኹም ኣብ ቤት ትምህርቲ ዘርእይዎ ውጽኢትን ጠባይን ርእይቶታቶም ክጽሕፉ እዮም፡፡ እዞም ርእይቶታት ውላድኩም ከመይ ይሰርሕ ኣሎን ናይ ውላድኩም መስርሕ ምምሓር ከመይ ጌርኩም ከምትሕግዙን ንምርዳእ ክሕግዝኹም እዮም፡፡

## ውላደይ ብኸመይ ክግምገም/ክትግምገም እዩ/እያ”?

ናይ ኣካዳሚያዊ ዓወት ነጥብታት ተመሃሮ ናይ ስርዓተ-ትምህርቲ ዕላማታት ምምሃር ማዕረ ክንደይ ብጽቡቕ ይጭብጥዎ ኣለዉ ዘርኢ እዩ፡፡ እዚ ድማ ኣብ ቅጥዒ-ዝውክስ ኣወሃህባ ነጥቢ ተባሂሉ ይጽዋዕ፡፡  ናይ ኣካዳሚያዊ ዓወት ነጥብታት፡ ውሉድኩም/ ዉሉድክን ምስ ካልኦት ተመሃሮ ብምንጽጻር ከመይ ይሰርሕ ኣሎ ኣብ ዝብል ዝተመርኮሱ ኣይኮኑን፡፡ ኣረኣእያ፣ ጻዕርን ጠባይን ዝኣመሰሉ ረቛሒታት ካብ ኣካዳሚያዊ ዓወታት ብንጽል እዮም ጸብጻብ ዝግበሩ፡፡  እዞም ረቛሒታት ንኣካዳሚያዊ ዓወታት ከም ሳዕቤን ድማ ነጥብታት ዝጸልዉ ምኧኖም ርዱእ እናሃለወ፣ ብንጽል ብጸብጻብ ምቕራቦም ንወለዲ ብዛዕባ ናይ ውላዶም ተሪር ጎንን ንምምሕያሾም ዝህሉ ዕድልን ብዝምልከት ዝያዳ ሓበሬታ የቕርበሎም፡፡

መምሃራን ተመሃሮ ዘለዎም ፍሉይ ክእለታትን ሓደ ዓውደ-ትምህርቲ ናይ ምርዳእ ክእለቶምን ንኽርእዩ ብዙሕ መንገድታት ይቕርቡሎም፡፡ ዝተጨበጡ ነጥብታት ብሓፈሻ ናይ ውላድኩም ናይ ቀረባ ግዜ ከምኡድማ ዘይቀያየር ኣካዳሚያዊ ዓወት የመልክቱ፡ ፡ ንኣብነት፣ እዚ ማለት ድማ ኣብ መጀመርታ ናይ ሓደ ሲመስተር ናይ ዝተዋህበ ስራሕ/ዕዮ ገዛ ብምስራሕ ዝተረኸበ ትሑት ነጥቢ፡ ኣብ መወዳእታ ናይቲ ሲመስተር ናይ ውላድኩም ነጥቢ ኣብ ዝግምገመሉ ግዜ ፡ ንሱ ኣብቲ ዓውዲ ዝበለጸ መረዳእታ ወይ ክእለት አንተርእዩ ኣብ ግምት ከይኣቱ ይኽእል እዩ፡፡



## ውላደይ ኣብ ሓደ  ክፍሊ “ክወድቕ” (ክደግም) ይኽእል ዶ?

እወ፡፡ ሓደ ተመሃራይ ናይ ምትራፍን ምሕላፍን ውሳኔ፡ ኣብ ሞንጎ ካልኦት ረቛሒታት፣ ጭብጢ ናይ ተመሃራይ ምዕባለን ዕብየትን ብምውሳኽ ኣብ ናይ ዝተፈላለዩ ረቛሒታት ጥንቁቕ ገምጋም ብምምርኳስ እዩ፡፡ ናይ ምሕላፍ ውሳኔታት በቲ ናይ ቤት ትምህርቲ ርእሰ-መምህር እዮም ዝፍጸሙ፤ ንሱ ድማ ምስ መምሃራን፣ ወለዲን ካልኦት ኪኢላታትን ብዝግባእ መገዲ ዝማኸር እዩ፡፡ ተመሃራይ ናይ ምትራፍን ምሕላፍን ውሳኔታት ኩሉግዜ ንተመሃራይ እቲ ዝበለጸ ጥቕምታት ብዘኸብር መንገዲ እዮም ዝውሰዱ፡፡

## እቲ ባጀላ መኣስ እዩ ናብ ገዛና ዝልኣኽ?

ባጀላታት ናብ ገዛ ዝልኣኹ ኣብ ቀውዒ፣ ጽድያን ኣብ መወዳእታ ዓመተ-ትምህርትን እዮም፡፡

## ኣብ ካልኦት እዋናት ካብ መምሃራን ሓበሬታ ክረክብ ድየ?

እወ፡፡ እቲ ባጀላ ምስ ወለዲ ዘራኽብ ሓደ መገዲ ጥራይ እዩ፡፡ ካልኦት መገድታት፡ ስልኪ ምድዋል፣ ዘይወግዓዊ ጸብጻባት ምዕባለ፣ ርክባት ወላድን- መምህርን፣ ብተመሃራይ ዝምራሕ ዘተ፣ ከምኡ ድማ ናይ ቤት ትምህርቲ ጋዜጣታት የጠቓልሉ፡፡

## ብዛዕባ ናይ ውላደይ ውጽኢት ትምህርቲ አንተተሻቒለ እንታይ ክገብር ኣሎኒ?

ንመምህር ናይ ውላድኩም ኣዘራርቡ፡፡ ውላድኩም ናይ ዘሸግሮ ዘሎ ዓይነት ትምህርቲ ዝርዝር ምድላው ሓጋዚ ይኸውን፡፡ ውላድኩም ንኽዕወት ንምሕጋዝ ብኸመይ ብሓባር ክትሰርሑ ትኽእሉ ምስ መምህር ተዘራረቡ፡፡

*ኣብዚ ሰነድ እዚ፣*

*ወለዲ ዝብል ቃል ንወለዲ ወይ*

*ሞግዚታት ዝገልጽ እዩ፡*

# ናይ ተመሃራይ/ሪት ኣሰራርዓ ፕሮግራም

ናይ ውላድኩም ኣሰራርዓ ፕሮግራም፡ ኣብ ደረጃ-ክፍሊ ዝተሞርኮሰ ስርዓተ-ትምህርቲ ይኽተል ኣሎ ድዩ የሎን ንዝብል፣ ወይድማ ንምምሃር ዘድልዮ ነገራት ብዝበለጸ ንምምላእ ብፍሉይ ዝተነድፈ ካልእ ኣሰራርዓ ፕሮግራም ዝገልጽ እዩ፡፡

ውላድኩም ኣብ ሓደ-ዓውደ ትምህርቲ ኣብ ደረጃ-ክፍሊ ዝተመርኮሰ ስርዓተ-ትምህርቲ ይኽተል እንተ ዘየሎ፣ እቲ ባጀላ ካብዞም ዝስዕቡ ሰለስተ ዓይነት ኣሰራርዓ ከምዝጥቀም የመልክት፡፡



## 1. IEP ኣሰራርዓ ፕሮግራም

“IEP” ናይ ውልቀሰብ ውጥን ትምህርቲ የመልክት፡፡ ሓደ ኣብ ሓደ ዓውደ-ትምህርቲ ናይ ደረጃ-ክፍሊ ናይ ምምሃር ዕላማታት ከማልእ ትጽቢት ዘይግበረሉ ተመሃራይ፡ ናይ ውልቁ ናይ ምምሃር ዕላማታት ዝገልጽ ውልቃዊ ውጥን ትምህርቲ ይህልዎ፡፡ እዚ ተመሃራይ ኣብ ባጀልኡ ዝረኽቦ ነጥብታት ናይቲ ውልቀ-ተመሃራይ ናይ ምምሃር ዕላማታት የመልክት፣ ከምኡውን እቶም ዕላማታት ኣብቲ ናይ ተመሃራይ ውጥን ብንጹር ይዝርዘሩ፡፡

እቲ “IEP” ኣመልካቲ ሓደ ተመሃራይ ኣብ ሓደ ዓውደ-ትምህርቲ ካብቲ ዘለዎ ደረጃ ክፍሊ ንላዕሊ ግምት ዝወሃቦ ስራሕ ይሰርሕ እንተልዩ ኣብ ጥቕሚ ክውዕል ይኽእል፣ ከምኡውን IEP ነዚ ኩነታት ኣብ ቦትኡ ከምዘሎ ይሕብር፡፡ ከምቲ ኣብ ላዕሊ ዝተገልጸ፣ እቲ ተመሃራይ ኣብ ባጀልኡ ዝረኽቦ ነጥብታት ከምቲ ኣብቲ ውጥን ተዘርዚሮም ዘለዉ ናይቲ ተመሃራይ ናይ ምምሃር ዕላማታት የመልክቱ፡፡

## 2. EAL ኣሰራርዓ ፕሮግራም

“EAL” ንኢንግሊዘኛ ከም ተወሳኺ ቋንቋ ኣሰራርዓ ፕሮግራም የመልክት፡፡ ሓደ ተመሃራይ ኣብቲ ናይ መጀመርታ መድረኻት ምምሃር ቋንቋ ኢንግሊዝ ከም ተወሳኺ ቋንቋ፡ ነቲ ዓውደ-ትምህሪቲ ዝምልከት ቋንቋ ኢንግልዝ ኣብ ምምሃር የተኩር፡፡ እዚ ተመሃራይ ኣብቲ ባጀላ ዝረኽቦም ነጥብታት፡ ምስ ናይቲ ውልቀ-ተመሃራይ ደረጃ ምዕባለ ቋንቋ ዝሰማምዑ ኣብ ሞንጎ ቋንቋን ናይ ዓውደ-ትምህርቲ ናይ ምምሃር ዕላማታትን ዘሎ ሚዛን ዝምርኮስ እዩ፡፡

## 3. L ኣሰራርዓ ፕሮግራም

“L” ብቋንቋ ፈረንሳ ምጽሓፍን ምንባብን ናይ ምኽኣል ኣሰራርዓ ፕሮግራም የመልክት፣ ከምኡውን ንቋንቋ ፈረንሳ(ፍራንሷ) ጥራይ ይምልከት፡፡ እቲ ናይ ዘባዊ ስርዓተ-ትምህርቲ ብዕውት መገዲ ንምኽታል፡ ናይ ቋንቋ ፈረንሳ ክእለቱ ንምምዕባል ዝያዳ ሓገዝ ዘድልዮ ተመሃራይ፡ ኣብ ኩነታት ናይቲ ዓውደ-ትምህርቲ ተመርኲሱ ቋንቋ ፈረንሳ ኣብ ምምሃር ከተኩር ይኽእል እዩ፡፡ እዚ ተመሃራይ ኣብ ባጀልኡ ዝረኽቦ ነጥብታት፡ ምስ ናይቲ ውልቀ-ተመሃራይ ደረጃ ምዕባለ ቋንቋ ዝሰማምዑ ኣብ ሞንጎ ቋንቋን ናይ ዓውደ-ትምህርቲ ናይ ምምሃር ዕላማታትን ዘሎ ሚዛን ዝምርኮስ እዩ፡፡

ኣብ ታሕቲ ተገሊጹ ዘሎ ናይ 1ይ ክሳብ 6ይ ክፍልታት ባጀላ፣ እቲ ዓይነት ኣሰራርዓ ፕሮግራም ብ “x.” ተመልኪቱ ክትርእዩ ትኽእሉ ኢኹም፡፡ ዋላሓደ ዝተመልከተ ነገር እንተዘየልዩ፣ ውላድኩም ኣብ ደረጃ-ክፍሊ ዝተመርኮሰ ስርዓተ-ትምህርቲ ናይ ምምሃር ዕላማታት ይኽተል ኣሎ ማለት እዩ፡፡

| Mathematics | Teacher: | | | |
|---|---|---|---|---|
| ☐ EAL | ☒ IEP | Term 1 | Term 2 | Final |
| | Knowledge and understanding | | | |
| | Mental math and estimation | | | |
| | Problem solving | | | |
| Comments: | | | | |

ኣሰራርዓ ፕሮግራም ኣብዚ ተመልኪቱ ኣሎ፡፡

ምውህሃድ ዝብል ቃል ኣብ ናይ ኣመሃህራ መስርሕ፣ ንዋት፣ ዝስራሕ ዕዮታት ገዛ ወይ ሓደ ተመሃራይ ነቶም ትጽቢት ዝግበረሎም ናይ ትምህርቲ ውጽኢታት ንኸጭብጦም ዝሕግዙ ናይ ተመሃራይ ፍርያት ዝምልከት ዝተገብረ ለውጢ የመልክት፡፡

# ኣካዳሚያዊ ዓወት ናይ ዘባዊ ትጽቢታት

## ካብ 1ይ ክሳብ 6ይ ክፍልታት

ኣብ 1ይ ክሳብ 6ይ ክፍልታት፣ እዚ ዝስዕብ *ካብ 1 ክሳብ 4 ዝኾነ ሚዛን ነጥቢ*፡ ናይ ውላድኩም ናይ ነፍሲ ወከፍ ጉጅለ ዓውደ-ትምህርቲ (ኣብ ታሕቲ ዝተገልጸ) ኣብ ውሽጢ ነፍሲወከፍ ዓውደ-ትምህርቲ፡ ኣካዳሚያዊ ዓወት ንምግላጽ ኣብ ባጀላ ንጥቀመሉ፡፡

| Grade Scale | | Academic Achievement of Provincial Expectations |
|---|---|---|
| **4** | | Very good to excellent understanding and application of concepts and skills |
| **3** | | Good understanding and application of concepts and skills |
| **2** | | Basic understanding and application of concepts and skills |
| **1** | | Limited understanding and application of concepts and skills; see teacher comments |
| **ND** | | Does **N**ot yet **D**emonstrate the required understanding and application of concepts and skills; see teacher comments |
| **Additional Codes** | **NA** | **N**ot **A**pplicable |
| | **IN** | **In**complete: not enough evidence available to determine a grade at this time |

| One of the following codes is used if the expectations for a student are different from the grade-level curriculum in a subject. | |
|---|---|
| **EAL** (**E**nglish as an **A**dditional **L**anguage) | Achievement is based on expectations that focus on English language learning. |
| **IEP** (**I**ndividual **E**ducation **P**lan) | Achievement is based on expectations that reflect special learning needs. |

ኣብ ታሕቲ ንኣብነት ዝቐረበ ናይ 1ይ ክሳብ 6ይ ክፍልታት ባጀላ ናይዚ ሚዛን ነጥቢ ንሓደ ኣብ 2ይ መንፍቕ ናይ EAL ኣሰራርዓ ፕሮግራም ዘለዎ ናይ ቁጽሪ ትምህርቲ ዝወስድ ዘሎ ተመሃራይ እዩ፡፡ ነፍሲወከፍ ውልቀ ጉጅለ ዓውደ-ትምህርቲ ካብቲ መምዘኒ ናይ ገዛእ ርእሱ ነጥቢ ይረክብ፡፡

| **Mathematics** | **Teacher:** | | |
|---|---|---|---|
| ☒ **EAL** ☐ **IEP** | **Term 1** | **Term 2** | **Final** |
| Knowledge and understanding | 3 | 2 | |
| Mental math and estimation | 2 | 3 | |
| Problem solving | 3 | 3 | |
| Comments: | | | |

ኣሰራርዓ ፕሮግራም

ጉጅለ ዓውደ-ትምህርቲ

ሕጂ ዘሎ መንፈቕ ትምህርቲ

## ጉጅለታት ዓውደ-ትምህርቲ

ጉጅለታት ዓውደ-ትምህርቲ ውላድኩም ኣብ ነፍሲወከፍ ዓውደ-ትምህርቲ ኣብ ቤትትምህርቲ ዝወስዶም ዓውድታት ፍልጠትን ክእለትን እዮም፡፡ ብዛዕባ ናይ ውላድኩም ትምህርቲ ዝበለጸ መራዳእታ ይሕብርኹም፡፡ እቶም ጉጅለታት ዓውደ-ትምህርቲ፡



እቲ "እንታይ" ዝብል ክፋል ሕቶ ናይ ተመሃራይ መስርሕ ትምህርቲ ንወለዲ ኣብ ምንጻር ይሕግዙ፡፡ ኣካል ናይ ምስትምሃር፣ ኣብ ኩሉ መዳይ ናይቲ ዓውደ-ትምህርቲ መስርሕ ምምሃርን ምግምጋምን ከኾኑ ተባሂሎም ዝተነደፉ እዮም፣ ዝተወሰኑ ኣርእስትታት ከመሃሩ ከለዉ ጥራይ ኣብ ጥቕሚ ዝውዕሉ ኣይኮኑን፡፡

# ኣካዳሚያዊ ዓወት ናይ ዞባዊ ትጽቢታት

## 7ይን 8ይን ክፍላታት

ኣብ 7ይን 8ይን ክፍላታት፣ ከም ተወሳኺ ናይቲ ካብ 1 ክሳብ 4 ዝኾነ ሚዛን ነጥቢ፣ ናይ ሚእታዊት ሚዛን ሓፈሻዊ ናይ ዓውደ-ትምህርቲ ነጥቢ ንምሃብ የገልግል፡፡ እዚ ናብ ናይ ካልኣይ ደረጃ ባጀላታት ኣብ ምስግጋር ንምሕጋዝ ዝዓለመ ኮይኑ፡ ሓፈሻዊ ነጥብታት ናይ ዓውደ-ትምህርቲ፡ ሚዛን ሚእታዊት ብምጥቃም ንነፍሲ ወከፍ ዓውደ-ትምህርቲ ይወሃብ ምኽንያቱ ናይ ተመሃሮ ዓወት ንምጥቕላል ተመሃሮ ናብ መመረቕታ ዝሕሰብ ነጥቢ ስለዘዋህልሉ፡፡ እዚ ዝስዕብ ሰንጠረጅ ክልተ ሚዛናት ነጥቢ ከመይሎም ሓድሕዶም ከምዝዛመዱ የርኢ፡፡

| Academic Achievement of Provincial Expectations | |
|---|---|
| **Grade Scale** | **Descriptor** |
| **4**<br>**80% to 100%** | Very good to excellent understanding and application of concepts and skills |
| **3**<br>**70% to 79%** | Good understanding and application of concepts and skills |
| **2**<br>**60% to 69%** | Basic understanding and application of concepts and skills |
| **1**<br>**50% to 59%** | Limited understanding and application of concepts and skills; see teacher comments |
| **ND**<br>**Less than 50%** | Does **N**ot yet **D**emonstrate the required understanding and application of concepts and skills; see teacher comments |



እዚ ዝስዕብ ካብ ናይ 7ይን 8ይን ባጀላ ዝተወስደ ኣብነት፡ ናይ ሓደ ኣብ 2ይ መንፍቕ ትምህርቲ ምዱብ ኣብ ደረጃ-ክፍሊ ዝምርኮስ ናይ ስርዓተ-ትምህርቲ ኣሰራርዓ ፕሮግራም፡ ናይ ስነፍልጠት ትምህርቲ ዝወስድ ተመሃራይ የርኢ፣ ከምኡውን ኣብ ውሽጢ እቲ ዓውደ-ትምህርቲ ዝርከቡ እቶም ሰለስተ ጉጅለታት ዓውደ-ትምህርቲ የርኢ፡፡

| **Science** | | | | Teacher: | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|---|
| ☐ **EAL** ☐ **IEP** | | | | ☐ **IEP** | | | |
| **Academic Achievement** | **Term 1** | **Term 2** | **Final** | **Learning Behaviours** | **Term 1** | **Term 2** | **Term 3** |
| Knowledge and understanding | 3 | 2 | | Personal management skills | U | U | |
| Scientific inquiry process | 3 | 3 | | Active participation in learning | C | U | |
| Design process and problem solving | 4 | 4 | | Social responsibility | S | C | |
| Overall grade | 78% | 70% | % | | | | |
| Comments: | | | | | | | |

እዚኦም ጉጅለታት ዓውደ-ትምህርቲ እዮም፡፡

እዚኦም ናይ ምምሃር ጠባያት እዮም፡፡

# ናይ ምምሃር ጠባያት

ብዘይካ ጸብጻብ ናይ ኣካዳሚያዊ ዓወት ምቕራብ፣ ባጀላታት ኣብ ትሕቲ “ናይ ምምሃር ጠባያት” ዝብል ክፋሎም፡ ናይ ውላድኩም ኣብ ክፍሊ ዘርእዮ ጻዕርን ዘለዎ ጠባይን የርእዩ፣ እዚ ድማ ኣብ ቅድሚትን ኣብ ታሕትን ዘሎ ገጽ ኣብ ዝተጠቕሱ ኣብነታት መብርሂ ተዋሂብዎምን ተገሊጾምን ኣለው።

ካብ 1ይ ክሳብ 6ይ ክፍልታት፣ ናይ ምምሃር ጠባያት ኣብ ናይ ውላድኩም ባጀላ ሓንሳብ ይሰፍሩ (ንኹሎም ዓውድታት-ትምህርቲ)። ኣብ 7ይን 8ይን፣ ናይ ነፍሲወከፍ ውላድኩም ዝወስዶ ዓውደ-ትምህርቲ ጸብጻብ ይሰፍር። ውላድኩም ምስ ናይ ምምሃር ጠባያት ዝዛመዱ ዕላማታት ዘለዎም ውልቃዊ ናይ ትምህርቲ ውጥን እንተሊዎ፣ IEP ክጥቀስ እዩ።

| Learning Behaviours | |
|---|---|
| **Scale**<br>**C**: Consistently – almost all or all of the time<br>**U**: Usually – more than half of the time<br>**S**: Sometimes – less than half of the time<br>**R**: Rarely – almost never or never | |
| **Personal management skills** | Uses class time effectively; works independently; completes homework and assignments on time |
| **Active participation in learning** | Participates in class activities; self assesses; sets learning goals |
| **Social responsibility** | Works well with others; resolves conflicts appropriately; respects self, others and the environment; contributes in a positive way to communities |

ነቶም ኣብ ናይ ፍሬንች ኢመርሽን ፕሮግራም ዝሳተፉ ተማሃሮ፣ ቋንቋ ፈረንሳ ናይ ምጥቃም ተግባር ዝምልከት ናይ ምምሃር ጠባይ ዝሓዘ እዩ።



ምምሃር ጠባያት ብቐጥታ ኣብ ናይ ተመሃሮ ነጥብታት ዝሕቆፉ ኣይኮኑን፣ ኣንተኾነ ግን ንኣካዳሚያዊ ዓወቶም ክጸልዉ ይኽእሉ እዮም። ኣዎንታዊ ናይ ምምሃር ጠባያት ምምዕባል፡ ኣብ ቤት ትምህርቲ ኮነ ወጻኢ ኣብ ህይወቶም ለውጢ እናርኣዩ ኣብ ዝኸዱሉ ግዜ፡ ንመጻኢ ንተመሃሮ ዓወት ከንናጽፎም ይኽእል እዩ። ተመሃሮ ነብሶም ኪኢሎም ኣንተሰሪሖም፣ ተበግሶ ኣንተወሲዶም፣ ከምኡውን ናይ መምሃሪ ክፍሊ ክብርታት ኣንተኣኽቢሮም፣ እዞም ክእለታት ንጥቕሚ ዝተፈላለየ ክፋላት ህይወቶም ከውዕልዎም ይኽእሉ።

# ንዝያዳ ሓበሬታ

ንመርበብ ሓበሬታ ክፍሊ ትምህርቲ ማኒቶባ ተወከሱ፡ ተወሳኺ ሓበሬታ ብዛዕባ

- ውላድኩም ኣብ **ዝተፈላለየ ዓውድታት-ትምህርቲ** ኣንታይ ይመሃር ኣሎ፡-
  www.edu.gov.mb.ca/k12/cur/parents/ (መደብ ቋንቋ እንግሊዝ)
  www.edu.gov.mb.ca/k12/cur/parents/fr_imm/ (ናይ ቋንቋ ፈረንሳ መደብ ኢመርሽን (Immersion))
  www.edu.gov.mb.ca/m12/progetu/parents/ (*ናይ ፍራንሷ ፕሮግራም*)
- ***ንመገምገሚ ተመሃራይ*** ዝምልከት ፖሊሲታትን መምርሒታትን፡-
  www.edu.gov.mb.ca/k12/assess/
- **እቲ ዞባዊ ባጀላ**፡-
  www.edu.gov.mb.ca/k12/assess/report_cards/index.html

# ንኣበርክቶኹም ሓንጎፉይ ኢልና ንቕበል

ወላዲ ወይ ሞግዚት፣ መምህር፣ ተመሃራይ ወይ ድማ ግዱስ ኣባል ማሕበረሰብ ዲኹም ብዘየገድስ፣ ነዚ ሓድሽ ባጃላ ዘለኩም መልሲ ኣገዳሲ እዩ። ብሓፈሻ፣ እቲ ባጀላ ንጹርን ሓባርን ኮይኑ ዶ ረኺብኩምዎ? ሕጂውን ተኾነ ክመሓየሹ ዘለዎም ክፋላት ናይቲ ባጀላ ኣለዉ ዶ?

ርእይቶታት ከተቕርቡ ኣንተደሊኹም፣ ብኽብረትኩም ናብዚ ኣብ ታሕቲ ተገሊጹ ዘሎ ኣድራሻ ብፖስታ ስደድዎ ወይድማ ተመልኪቱ ዘሎ ኣድራሻ መርበብ ሓበሬታ ክፈትዎ ከምኡውን ናይ ኦንላይን ናይ ግብረመልሲ ቅጥዒ መሊእኩም ስደዱ።

| ግብረመልሲ ብፖስታ ስደዱ | ግብረመልሲ ብኦንላይን |
|---|---|
| *Provincial Report Card Feedback*<br>Manitoba Education<br>1567 Dublin Avenue<br>Winnipeg MB  R3E 3J5 | www.edu.gov.mb.ca/k12/assess/report_cards/feedback.html |